ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ፈጻሚ ኣካል

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية
الهيئة التنفيذية

Eritrean National Salvation Front
Executive Committee
ensf.info@gmail.com

ጅግና ሓርበኛ ኢዮብ ብስራት
ኣብ ልብና ንዘልኣለም ክትነብር ኢኻ

ሓርበኛ ተጋዳላይ ኢዮብ ብስራት ድሮ ካብ ዝስዋእ 7 ዓመታት እነሆ ሓሊፉ። ብጻይ ኢዮብ ብዕለት 24 ታሕሳስ 2009 ኢዩ ተሰዊኡ፡ ብዕለት 07 ጥሪ 2010 ከኣ ብብጾቱን ፈተውቱን ከምኡ'ውን ብኣማእት ዝቖጸሩ ሃገራውያንን ተዓጂቡ ብዓቢ ሰነ ስርዓትን ዝተፈነወላ ዕለት ኢያ።

ብጻይ ኢዮብ፣ ካብ ግዜ ንእስነቱ ኣትሒዙ ክሳብ ዕለተ መስዋእቱ፣ ልዑል ፍቕሪ ህዝቡን ሃገሩን ተዓጢቑ፣ ንነብሰይ ይጥዓመኒ ከይበለ፣ ወገን፣ ዓሌት፣ ሃይማኖት ከየጥቀዖ፣ ኣብ ቃልስና ሓደ ካብ'ቶም ልሑይ ግደ ዘበርከቱ ጀጋኑ ሓርበኛታት ሃገርና ኢዩ። ግደን ታሪኽን እዚ ምቕሉል ተቓላሳይ ንድሕሪት ምልስ ኢልና ክንግምግም እንከሎና: ውድብና ግ.ሃ.ድ.ኤ ዘይትካእ ዓቢ ኣብነታዊ ተቓላሳይ ከም ዝኸሰረ ንርኢ ። እዚ ዓቢ ክሳራ እዚ ግን ኣብ ውድብና ጥራሕ ተሓጺሩ ዝተርፍ ዘይኮነ፡ መንጸብረቕትኡ ኣብ መላእ ደምበ ተቓውሞን ብዓቢኡ ድማ ኤርትራ ሃገርናን ህዝባን ዓቢ ምኩር ሃገራዊ ተቓላሳይ ከም ዝኸሰረት ብዙሓት ሃገራውያን ዝሰማምዕሉ ጉዳያ ኢዩ ዝብል እምነት ኣሎና። ብጻይ ኢዮብን ካልኦት ጀጋኑ ሰዉኣትና ዘበርከትዎ ልዑል ሃገራዊ ኣስተዋጽኦ ንወሎዶታት ተዘኪሩ ከነበር ምኗኑ ፈጺምና ኣይንጠራጠርን።

ጀጋኑ ሰዉኣትና ዝተቓለሱሎም ዕላማታትን ራኢታትን ናብ ሽቶኦም ንክበጽሑ መብጻዓ ኩሉ ኣባል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ምኗኑ ብምርግጋጽ፡ ነዚ መብጻዓ እዚ ኣብ ማዕርፍኡ ንምብጻሕ ሓያል ቃልሲ ዝጠልበና ምኗኑ ርዱእ'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ'ዚ ዘለናዮ ዝተሓላለኸ ናይ ቃልሲ ህሞት ግን፡ ከም ሓርበኛ ኢዮብ ብስራት ዝኣመሰሉ ሓድነታውያን መራሕቲ ክፍለዩኻ ግን ነቲ እተካይዶ ቃልሲ ክሳብ ክንደየናይ ክቢድ ከም ዝገብሮ ርዱእ ኢዩ።

ኩቡር ብጻይናን ኣብነታዊ መራሒናን ኢዮብ ብስራት፣ ንዓኻን ንከማኻ ዝኣመሰሉ ብሉጻት መራሕትናን ብጾትናን ኣብዚ ግዜ'ዚ ዓቢ ሃጓፍ ፈጢሩልና'ኳ እንተሃለወ፣ ብጾትኩም ኣባላት ግሃድኤ ኣብ ልዕሊ ውድብና ዝተኻየደ ብዙሕ መጻወድያታትን ውዲትን ሰጊሮም፣ ኣብ'ቲ እስኻን ኩሎም መትከላውያን ብጾትካን ዝተኸልኩሞ ዕላማታት ቀጥ ኢሎም ምእንቲ "ድሕነት ህዝብን ሃገርን" ከይተሓለሉ ይረባረቡ ኣለዉ። ነቲ ብሓባር ዝተላምናዮ ሃገራዊ ዕላማታት ኣብ መዓርፍኡ ከነብጽሖ ምኗንና ድማ መብጻዓና እነሆ ነሕድስ።

ሓርበና ሰዉእ ኢዮብ ብስራት፣ ብኣካል'ኳ እንተ ተፈለኻና፡ እቲ ዝገበርካዮ ልዑል ሃገራዊ ኣስተዋጽኦ ንዘልኣለም ተዘኪሩ ክነብር ኢዩ። ንኽብርቲ ብጻይትኻ ጅግና ተቓላሲት ሰማይነሽ ካሕሳይን፣ ንክቡራት ደቅካ፣ ራህዋ፣ ሰናይ፣ ክብረት፣ ከምኡ'ውን ንኹሎም ክቡራት ስድራ ቤትካን፣ ንኹሎም ፈተውትኻ፣ " ኣብ ልብና ንዘልኣለም ክትነብር ምኗንካ፣ ከነረጋግጽሎም ንፈቱ።

ክብርን ዝኽርን ንኹሎም ጀጋኑ ሰዉኣት !!

"ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ"

ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ዕለት፡ 24-12-2016